ALLIANCE OF CIVIL SOCIETY ORGANIZATIONS OF TIGRAY
ACSOT

## ንሰልፊ “ይኣክል” ብምድጋፍ ብሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ-ACSOT

## ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ

**ክቡራት ናይዚ ሰልፊ ሰብ ዋና ዝኾንኩም ንዝሓለፉ 4 ዓመታት ኩሉ ዓይነት ዓፀቦታት እናተ ኣናገድኩም ዝመፃኹም ተመዛበልቲ ወገናትና**

**ክቡራት እዚ ምንቅስቓስ ‘ይኣክል’ ተተሓባቢሩ ዘለኹም ናይ ፅላል ሲቪል ማሕበረሰብ ምዕራብ ትግራይ መራሕትን ኣባላትን፤**

**ክቡራት ዝተፈላለዩ ውዳበታት ብምውካልን ብግልኹምን ኣብዚ ምንቅስቓስ ይኣክል ተሳተፍቲ ሰልፊ፤**

ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ(ሕማሲማት) ኣብ ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ተዋፊረን ናይ ዝርከባ 124 ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ጥምረት እንትኸውን ኣብዚ ሰሙን ብመተሓባባራይነት ሓደ ካብቶም ኣብ ህዝባዊ ሕልቅና (Advocacy) ንጡፍ ምንቅስቓስ ዝገብሩ ዘለው ኣባልና ዝኾነ ፅላል ሲቪል ማሕበረሰብ ምዕራብ ትግራይ ብውዕውዕ ኩነታት ዝካየድ ዘሎን ኣካል ናይቲ ብሕብረትና ምስ ኣባላቱን ብትካላት ሲቪል ማሕበረሰብን ቢዝነስን እንገብሮ ዘለና ሰላማዊ ሲቪካዊ ቃልሲ ዝኾነን ህዝባዊ ሰልፊ “ይኣክል!” ናይ ድጋፍ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ኣብዚ ቦታ ምርካበይ ዝተሰመዐኒ ክብሪ ብስመይን ብስም ሕብረትናን ክገልፅ ይፎቱ።

**ክቡራን ክቡራትን**

ድርሳናት ታሪኽ ከም ዝሕብርዎ ትግራይ ንኣሽሓት ዓመታት ስርዓተ መንግስቲ መስሪታን ወኒናን ኣብ ናይ ዓለም ኣብርሆትን ስልጣነን ኣበርኪቶም ተባሂሎም ካብ ዝንገረሎም ኣርባዕተ ዓበይቲ መንግስታት ሓንቲ እያ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ሓጓፍ ውሕሉል መሪሕነት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ትግራይን ህዝባን ናብ ሓደጋ ዘድውቑ ዝተፈላለዩ ፍፃመታት ኣጋጢሞምና ኩናትን ሳዕቤናቱን እናተኣናገድና መፂናን ኣለናን። ምኽንያቱ ብሄራዊ ባህና ወይ ረብሓናን ዘይነፀርናን ማሕበረሰብ ማለት’ውን ሓባራዊ ድልየት ወይ ተመንዮ ተጋሩ ከም ማሕበረሰብ ዝሓቁፍ ዓዶም ቀፃልነትን ውሕስነትን ዘለዋ ሃለዋታ፣ ሰላማ፣ ደሕንነታን ምዕባለኣን ክዉን ዝግበረሉ መስርሕ ብምዃኑን ንፁር ብሄራዊ ማሕበረሰባዊ ባህጊ ስለዘይብልና ናብ ከምዚ ዝበለ ማሕበረሰባዊ ውድቀት ኣእቲዩና ይርከብ። ኣለሻን ለለያን ፀገማት ተጋሩ ንተመራመርቲ ንድሕሪት ገዲፍና ንሕና ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ከምቲ ኣብ ዓለም ብጭቡጥ ዝትግበር ዘሎ 3ይ ዓንዲ ሓደ ዓዲ ኢና ኢልና ብፅኑዕ ስለንኣምን፣ ኣብ 2013 ዓ/ም ስርዓተ-መንግስቲ ፈሪሱና ከም ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ስልጡን ዓለም እናሃለና ኣብ ጠላዕ ፀሓይ ጨፍ ውርደትና ዝገልፅ ህልቂት ኣማኢቲ ኣሽሓት ሂወት ገጢሙና ሐዚ’ውን ካብዚ ከይተምሃናን ብውነ ከየስተንተንናን ኣካል ናይቲ ኣማኢቲ ዓመታት መቐፀልታ ዝኾነ ጉዕዞ ሸንኮለልነት ትግራዋይነት ማለት’ውን ተጋሩ ኣብ ዘየቋርፅ ጉዕዞ ዕንክሊል (***Vicious Circle***) ተፀሚድና፤ ትግራዋይነት ሓሸውየነት ወይ ድማ ሕሰም ሸንኮለልነት ውሽጣውን ደጋውን ተፃብእቱ ፀቒጡሙዎ ካብ ዓለም ተገሊሉ ፀኒሑን ኣሎን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ 2013 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ብዝተወለዐ ኩናት ምኽንያት ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ንዝተፈላለዩ ዓፀቦታት ዝተዳረገ እንትኾነ’ውን ብፍላይ ኣብ ተመዛበልቲ ወገናትና ዝበፀሐን ዝበፅሕ ዘሎን መዘና ዘይብሉ ቅልውላው መዘና ዘይብሉን “ይኣክል!” ክበሃል ዝግበኦን እዩ።

ሕብረትና ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ፕሪቶሪያ ተመዛበልቲ ወገናትና ብስሩዕ፣ ክብሮም ብዝሓለወን ብህፁፅን ክምለሱን፣ ግዝ ኣታዊ ሓድነት ትግራይ ክረጋገፅን እዚ ንክኸውን ድማ ኣብ ምዕራብ ትግራይን ካል ኦት ከባብታት ትግራይን ዘለው ካብ መክላኸሊ ሃገር ወጻኢ ዘለዉ ዕጡቓት ክወፁ ኩሉ ዓይነት ናይ ሕልቅና ስራሕትታት እናሰርሐ መፂዩ እዩ። ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ፍፁም ሰላማዊ ቓልሲ ሲቪል ማሕበረሰብ ድማ ከም ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብታ ብግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እትመሓደር ዘላ ንዘሎ ልዕሊ **90 ሚኢታዊ ህዝብና** ከምኡ’ውን ግ.ም.ት ኣብ ዘየመሓድራ ትግራይ ንዝነብር ህዝብና **100% ኣብ ጨፍ ምህላውን ዘይምህላውን** ዘሎ ህዝብና እንውግነሉ ብውዳበ ሲቪል ማሕበርሰሰብ ኣብ ዝተዳለወ ዳስ ሓዘን “**ይኣክል**” ተመዛበልቲ ወገናትና ዝስዕብ **መልእኽቲ ምሕዝንነት** “**ይኣክል**” ክነሕልፍ ንፈቱ፤

### 1) ንመላእ ህዝቢ ትግራይ፡ ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እትነብር ህዝብና፣

*ትግራይን ህዝባን ኣብ ድሮ ኹናት ዝጀመሩ ፅገማት ደሓር ድማ ድሕሪ እቲ ኣዝዩ ደማዊ ኹናት ብዝተፈጠሩ ሰብ-ሰራሕን ተፈጥራውን ፀገማት ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናተደራረቡ ናብ ዝተሓላለኸ ብርኪ በፂኦሖም ኣብ ኣዝዩ ሓደገንኛን መሰከፍን ዝኾነ ኹነታት ንርከብ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብቲ ሕሉፍ ደማዊ ኹናት ዝኸሰርናዮ ማእለያ ዘይብሉ ዘይትካእ ጥፍኣት ኣእላፍ ሂወት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዕንወት ንብረትን መስረተ ልምዓትን ከይኣክል ብሰንኪ ገዚፍ ሓዳፍ ህወሓት ትግራይ ኣብ ልዕሌኻ መሰከፊ ዝኾኑ ሓደጋታ ኣንፀላልዮም ይርከቡ። ስለዝኾነ ድማ እዚ ሓደገኛ መንገዲ ጥፍኣት ትግራይን ህዝባን ይኣክል ትብሎን ነዚ ንምዕጋት ብዝተወደብን ብዘይተወደበን ኣገባብ ክትከላኸሎ ሕብረትና ብኽብሪ እንፅውዕ፤ ነዞም ከምቲ ደቂ ሰሜን መረብ ተጋሩ ብማዕዶ ንቋመቶም ዘለና ተከዘ-ሸገር ተጋሩ'ውን ከይንስእኖም ከም ተጋሩ ብሓደ ድምፂ ይኣክል ክንብል ይግባእ።*

### 2) ንመላእ ተመዛበልቲ ትግራይ፡ ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድኻ ዝተመሳብለካን ስደተኛን ህዝብና፣

*ንልዕሊ 1530 መዓልትታት ካብ መረበትካ ተፈናቒልካን ተሰዲድካን እትርከብ ክቡር ህዝብና እቲ ብሰላሕታ ዝቕፅል ዘሎ ፀገምካ ቁልል ኣይኮነን ቀሊል መፍትሒ ዘድልዮ፣ ዝተሓላለኸ'ውን ኣይኮነን ዝተሓላለኸ ምፍትሒ ዘድልዮ፣ ከቢድ ፅገም'ውን ኣይኮነን ከቢድ መፍሕቲ ዘድልዮ፤ እኳደኣስ ኣዝዩ ዓይነ-መርፍኡ ዝጠፍኦ ዝኸሰርካዮ ማእለያ ዘይብሉ ዘይትካእ ጥፍኣት ኣእላፍ ሂወት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዕንወት ንብረትን ከይኣክል ብሰንኪ ውጥጥ ወንበሪ መሪሕነት ህወሓት ኣብ ልዕሌኻ መሰከፊ ዝኾኑ ሓደጋታ ኣንፀላልዮም ይርከቡ። ስለዝኾነ ድማ እዚ ሓደገኛ ኩነት ብልሙድ ኣነ ይፈልጠልካ ዘይኮነስ (ዘይምዕዳል ኮይኑ ወናኒ እቲ ፀገም እናሃለኻ ናይ ኣሸካዕላል ቁማር) ይኣክል ኢልካ ባዕልኻ ካብ ሰንዱቑ ዝወፀ ናይ ተግባር ፍፁም ሰላማዊ ቓልሲ ብውዳበኻ ሲቪል ማሕበረሰብ ምዕራብ ትግራይ ኣቢልካ ፈሊምካዮ ስለዘለኻ ነዚኣ ናይ ብተፈጥሮ ዝተዓደልካያ "ብኽያትካ ናይ ምክፋል ወይ ድምፅኻ ናይ ምጉዕፃፅ" ከይገጥመካን ከይትጭወን ቆቓሕ ኮንካ ክትሕልያን መፍትሒ ባዕልኻ መፍትሒ ክተናድን ሕብረትና ምሕዝነታዊ ምኽሩ ንፅላል እንትልግስ ከምኡ'ውን ንተማዛባሊ ን ስዱትን ህዝቡ ድማ ፃውዒቱ ብኽብሪ ይገልፅ።*

### 3) ንመንእሰይ ወለዶ ትግራይ

*ቅድሚ ሐዚ ብወነ ዝዓሰልካዮም ይኣክል ኢልካ መዓዝ ከምዝቦኞሉ ዘይፍለጡ ግን ድማ ከም ቁርዲድ ኣብ ማሕበረሰብና ተላጊቦም (ላቒቡ-መላግቦ ኾይኖም) ገገሊኦም ድማ ከም ንቡር ቅቡልነት ረኺቦም ዝርከቡ ብዘይስኽፍታ ክተራግፎም ዝግቡኡኻ ጠቕራት ማለት'ውን፥ 1) ናይ 06 ዝብልዋቶ ሕሾት/በለካን ለኽዐካን ምንዛሕ፣ 2) ከባብያዊነት/ ጉጅላውነት፣ ምጥልላፍ፣ ምጥፍፋእ 3) ዘይምኽንያታዊነት 4) ከይተረደኣካ መጋበርያ ባዕድን ውሽጥእዊ ቁማርተኛን ምኳን 5) ኣነ ይፈልጠልካ እሳቶም ይፈልጡለይ/ሓላፍነት ዘይምዉሳድ/ ወዘተ ኣሊኻ ኣብ ሰላምን ሰላምን ጥራሕ ብውነ ክትዓስልን ንቐፃሊት ትግራይ ኣሰርካ ክተሕልፍን ታሪኻዊ ሓላፍነትካ ክትዋፃእ ሕብረትና ይፅውዕ።*

### 4) ንትካላት ሲቪካዊ ስነ-ምህዳር፣ ፖለቲካዊ ፓርታት፣ ስሩዓትን ዘይስሩዓትን ውዳበታት ኩሉ

*ኣብ ሕሉፍ ወርሒ ብሕብረትናን መሰል ሲቪካዊ ውዳበታትን ኮይንና ኣብ ዘውፃእናዮ "ውዕሊ ፕሪቶሪያ ህዝባዊ መሰረት ብምትሓዝ ንኣፈፃፅማኡ ዝከታተልን ናይ ስራሕ ፈፃሚ ስልጣን ዝቆፃፅርን ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኮይኑ ዘገልግል ካብ ኩሉ ኽፋል ማሕበረሰብ ዝተውፃእፅአ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብቑልጡፍ ክጣየሽ። እቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ካብቶም መደበኛ ናይ ስራሕ ፈፀምቲ ምቁፅፃር ስራሕቱ ብተወሳኺ ኣፈፃፅማ ውዕል ፕሪቶርያ ዝከታተል ነፃ ኣካል ከቕውም ክግበር" ዕላው እውጃ እንኮ ባዕላዊ ስግሮ ዓፀቦና ዘቀላጥ ብምኳኑ ብግልፂ ንዝደገፉ ኪዳን ተጋሩ ንብሄራዊ ድሕነት እናነኣድና ሓቢርና ክንሰርሕን ይኣክል ኢልና ብሓደ ድምፂ ክንፈትሖን ሕብረትና ፃውዒቱ የቕርብ።*

### 5) ንማሕበረሰብ ዓለም፣

*እቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዝነበረ ኣዕናዊ ኲናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኣብ ዝተገበሩ ፃዕርታት ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ናይ መደራደርትን ተዓዘብትን ኣካላት ግደ ዕዙዝ ምንባሩ ሕብረትና ብፅኑዕ ዝኣምን ኮይኑ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከይዲ ትግበራ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝኾልፍ ተርእዮ ይምዕብል ስለዘሎ፤ እዚ ድማ ካብ ትግራይ ሓሊፉ ንኢትዮጵያን እዚ ዞባን ዝፀሉ ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ኣካይዳ ዝገትእ ህፁፅን ተግባራውን እጃም ንኽተበርክቱ ሕብረትና ፃውዒቱ የቕርብ።*

---

**ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ-ACSOT**

**ጥሪ 07/2017 ዓ/ም- መቐለ**

---